# *<u>ምዕራባውያን ኣውፈርቲ ኪሎ ሂበን ኩንታል ይወስዳልካ፡</u>*

*ብዛዕባ ወፍሪ ክንዛረብ ከሎና ኩሉ ግዜ ኣብ ኣእሙሮና ዝመጹ ነገራት ኣሎዉ፡፡ ንሶም ከኣ ዕድላት ስራሕ ክርከብ፡ ሰሪሕና ናብራና ከነማሓይሽ፡ ደቅና ከነምህር፡ ገዛ ክንገዝእ፡ መኪና ክንውንን ወዘተ- - -ዝብሉ እዮም። ቁዱስ ሓሳባት እዩ። ምኽንያቱ ጽቡቕ ንክንነብር ስለ ዘድልዩና። ኣብዚ ኣተሓሳስባ ጥራሕ ተሓጺርና ወጻእተኛታት ዝውንንወን ኩባንያታት ኣብ ሃገርና ክመጻ ብሃንቀውታ ንጽበ። ከም ሓሳብ ሕማቕ ኣይኮነን። እተን ዝመጻ ኩባንያታት ግብረ ሰናይ ከምዘይኮና ክንርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ረብሕኤን ዝሕልዉ ድለታት ሒዘን ከም ዝመጻ ሩዱእ እዩ። ንረብሕኤን ክሰርሓ ከም ሓሳብ ቅኑዕ እዩ። ምኽንያቱ ንረብሕኡ ዘይጥምት ስለ ዘየለ። እቲ ኣጻቢቕና ክንፈልጦ ዝግባኣና ግን ኣብ ሞንጎ ረብሓታትናን ንሳተን ዝሓትኦ ረብሓታተን ዘሎ ዓቢ ጋግ (ፍልልይ) ምርዳእ ኣገዳሲ'ዩ።*

*ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ተዋፊረን ዘለዋ ምዕራባውያን ኩባንያታት ምስ ንርኢ ኣብ ሞንጉኤንን ኣብ ሞንጎ እተን ሃገራትን ዝግበር ናይ ንግዲ ውዑላት ፍልልዩ ናይ ሰማይን ምድርን እዩ። ኢታ ባህርያዊ ሃብቲ ዘለዋ ኣፍሪቃዊት ሃገር ኣብቲ ውዕላት 10- 15% ካብ ገዛእ ሃብታ ክትረክብ ከላ፡ ኢታ መሻርኺታ ኩባንያ ካብ 85-90% ትረክብ። እዚ ዓይነት ውዕል ምዝመዛ እንተዘይኮይኑ ንግዳዊ ወይ ሽርክነታዊ ንጥቕሚ ክልትኤን ዘርብሕ'ዩ ኢልካ ክትጽውዕ ኣይከኣልን። ካብኡ ዝኸፍኤ ንደቂ ሃገር ኣብ ናይ ስራሕ መኣዲ ኣየሳትፍን እዩ። እቲ ኣዝዩ ዝገደደ ካብቲ ዉሑድ ሚእታዊት ዝርከብ መኽሰብ ኣብ ረብሓ መራሕቲ እንምበር ኣብ ረብሓ ህዝቢ ኣይውዕልንን እዩ። ምስ ሙሉእ ዘይጉድል ተፈጥራዊ ሃብተን ከለዋ ህዝበን፡ ብሕማም፡ ጥሜት፡ ድንቁርና፡ ተጠቒዑ ኣብ ነንሕድሕዱ ብቀቢላን ዓሌትን ክቀታተል ከም ንቡር ወሲዱዎ ይርከብ። ማእሪሩ ከይበልዕ ሜረቱ ተወሲዱ፡ ወሓዚ ማያቱ ብከሚካላት ተመሪዙ ትሕቲ እንስሳ በረካ ዝነብሮ መነባብሮ ይነብር። ብዙሓት ሃገራት ከም ኣብነት ክንጠቕስ ንኽእል ኢና። ከንያ፡ ናይጀርያ፡ ጋና፡ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ወያነ፡ ጅቡቲ ካልኦትን።*

*ኤርትራ ድሕሪቲ መሪርን ነውሕ ተጋድሎ ተምሳል ናይዘን ሃገራት ክትከውን ስለ ዘይተቓለሰት፡ ንሰን ዝመርጽኦ ምርጫ ንረብሓ ህዝባ ስለ ዘይኮነ ካልእ መንገዲ'ያ መሪጻ። ንሱ ድማ ነብስኻ ምኽኣል፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ክረጋገጽ ቀዳምነት ወፍሪ ንደቂ ሃገር፡፡ ንሶም ወይ ሃገር ዘይትኽእሎ ምስ ዝኸውን ንክልቲኡ ተሻረኽቲ ማዕረ ረብሓ ዝህብ ዉዕላት'ዩ ምርጫኣ። እምነቱ ኮምኡ እዩ፡ ንዕኡ ከዔውት'ዩ ተቓሊሱ ዝቃለስ ዘሎን። ""**ኪሎ ሂበን ኩንታል**"" ዝሓታና ኩባንያታት መሻርኽቲ ክኾና ኣይነፍቅደለንን ኢና። መሻርኽትና ክኾና ዝደልያ ኣብ ንሕና ንኣምኖ ዝኣምና ክኾና መተካእታ ዘይንህበሉ ምርጫና እዩ። ኣብ ገለ ስምምዓት ካብ 1-2% ክብ ለጠቕ ክብል ይኽእል ምስ ባህርያት ናይቲ ዝግበር ወፍሪ።*

*ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና*<br>
*ዓወት ንሓፋሽ*<br>
*ገብረንጉስ መሰመር*<br>
*ጥሪ 11/2021*